# ስርዓት ህግደፍ ብምኽንያት 24 ግንቦት ካብ ካብ ነፍሲ ወከፍ ስድራ 300 ናቕፋ ክዋጻእ ዘገድድ መምርሒ ሂቡ ከምዘሎ ምንጬታት ሓቢሮም።

ስርዓት ህግደፍ ብምኽንያት 24 ግንቦት ካብ ካብ ነፍሲ ወከፍ ስድራ 300 ናቕፋ፡ ካብ ሰብ ትካል ድማ 500 ናቕፋ ክዋጻእ ዘገድድ መምርሒ ኣውጺኡ ድሮ ክሰርሓሉ ጀሚሩ ከምዘሎ ምንጭታት ሓቢሮም።

እቲ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ተላኢኹ ኣብ ምምሕዳራት በጺሑ ድሮ 'ውን ኣብ ግብሪ ክውዕል ጀሚሩ ዘሎ መደብ ምዝመዛ ስድራቤታት ኤርትራ 'ይሃሉወን ኣይሃሉወን' ግዴታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት ኮይኑ ክኸፍላኦ ከምዝግደዳ እቲ ሓበሬታ ብተወሳኺ የረድእ።

እቲ ምርኡይ ስርዓት ህግደፍ፡ ነተን ኣብ ኤርትራ ብስእነትን ጥምየትን ዝግረፋ ዘለዋ ስድራቤታት ብጥሙይ ከብደን ኣማኢት ናቕፋ ክዋጽኣ ኣብ ዝግድደሉ ዘሎ ግዜ፡ ነቶም ኣብ ወጻኢ ንዝነብሩ ኮራኩሩ ናብ ኤርትራ ኣትዮም በቲ ካብ ድኻታት ዝሓለቦ ገንዘብ ንዝተዳለወ ጽምብል ከስተማቕሩ ጎስጓስ የካይደሎም ኣሎ።